Center for
Well-being of
Africans in
America

CWAA

P.O. Box 25339, Seattle, WA 98165-2239 Tel: 206-925-4800 *www.cwaaUSA.org*

*TIGRIGNA*

ሓምለ(ጁላይ) 31, 2008

ዝኸበርኩም ወላዲ ፤

ኣብ ኣሜሪካ ዝርከቡ ኣፍሪቃውያን ሓለዋ ማእከልን(CWAA ) ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ቤተሰብን ኮሚኒቲን ዝምድና ቤት ጽሕፈት(OFCP) ዕድሚኦም ንትምህርቲ ዝኣኸሉ ቆልዑ ንዘለዎም ካብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ንዝመጹ ወለዲ ኣብ ኮሚኒቲ ኣብ ዝግበሩ ዝርርብ ክዋስኡ ጻውዒት ይገብር ኣሎ። ወለዲ ብዛዕባ ደቆም ዘጥረይዎ ናይ ኣተዓባብያ ተመኩሮ ክንሰምዕ ንደሊ ኢና። እዚ ዝርርብ ቁጽሮም ሒደት ዝኾኑ ፡ካብ 8 ስጋብ 10 ዝኾኑ ወለዲ ዝርከቡሉ እዩ። እቲ ጉጅለ ድማ “ኣትኩሮ ጉጅለ” ዝብል ስም ተዋሂብዎ ዝዓዩ እዩ።

ናይዚ ኣትኩሮ ጉጅለ ዕላማ ሓበሬታ ንምእካብን ካብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝመጹን ኣብ ኣሜሪካ ዝነብሩ ወለዲ ብዛዕባ ውላድ ምዕባይ ዘለዎም ተመኩሮታትን ብድሆታትን ኣጸቢቕና ክንርዳእ ስለዝደለና እዩ። ካብዚ ንረኽቦ ሓበሬታ ድማ ወለዲ ደቆም ከዕብዩ ከለው ንዘጋጥሞም ብድሆታት ብዓወት ንምምካት ዘኽእሎም ምኽርን ኣገባብን ፡ ምስ ባህሎም ዝሰማማዕ ፕሮግራም ክንሕንጽጽ የኽእለና እዩ ኢልና ተስፋ ንገብር። እቲ ትህቡና ሓበሬታታት ሕጂ ንዘለውን ንዝመጽእ ወለዶ ንወለድን ቆልዑትን ኣዝዩ ዝጠቅም እዩ። እዚ ናይ ኣትኩሮ ጉጅለ ኣኼባታት ስልጠና ብዝወሰዱ ቋንቋኹም ብዝዛረቡ ሰባት ዝምራሕ እዩ።

ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ክትካፈሉ እንተድኣወሲንኩም ስጋብ 10 ዝኾኑ ወለዲ ምስዝርከብዎ ጉጅለ ካብ ሓደ ሰዓትን ፈረቓን ስጋብ 2 ሰዓት ንዝኸውን ጊዜ ኣኼባ ክትገብሩ ኢኹም። ናይቲ ኣትኩሮ ጉጅለ መራሕቲ ብዛዕባ ወለዲ ዘለዎም ተመኩሮታት ዝምልከት ናጻ ኮይንኩም ከምዝደለኹሞ መጠን ርእይቶኹም ክትህቡሉ ትኽእሉ ሕቶታት ከቕርቡልኩም እዮም። ኣብቲ ኣኼባ ዝቐረበ ርእይቶታት ሙሉእ ብሙሉእ ምጽሓፍ ምእንቲ ኪከኣለና እቲ ዝግበር ኣኼባ ብቴፕ ክንቀድሖ ኢና። ኣብቲ እዋን ኣኼባ ናይቶም ተዋሳእቲ ናይ መጸዋእታ ስም ኢና ንጥቀም። ናይቶም ተዋሳእቲ ካልእ ስም ኣብ ጽሑፍ ኣይምዝገብን እዩ። እቲ ዝተዋህበ ርእይቶታት ድማ ኣስማት ዘይብሉ ክኸውን እዩ።

ኣብ ኣሜሪካ ዝርከቡ ኣፍሪቃውያን ሓለዋ ማእከልን (CWAA ) ናይ ሲያትል ኣብያት ትምህርቲ ናይ ቤተሰብን ኮሚኒቲን ዝምድና ቤት ጽሕፈት (OFCP) ካብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝመጹ ወለዲ ዘለዎም ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ቆልዑ ኣተዓባብያ ተመኩሮን ንምግምጋምን ንምምሕይያሽን መዲቦም ኣለው። ዘለኩም ተመኩሮ ከተካፍሉና ከለኹም ኣብ ኩሎም ቤተሰባት ተመሳሳልነት ዘለዎም ልምድታት ክንፈልጥን ነቲ ዘሎ ብድሆታት ድማ መልሲ ንምርካብ የኽእለና እዩ ዝብል ርድኢት ኣሎና። ኣብቲ ናይ ኣትኩሮ ጉጀለ ንምስታፍ ንዘርኣኹምና ምትሕብባር ዘሎና ምስጋና ንምግላጽ ሒደት ገንዘብ ክንህበኩም ኢና።

እምበኣር ንክትዋስኡ ድሌት እንተድኣሊኩም ብኽብረትኩም ንካሮሊን ብቴሌፎን ቁጽሪ 206-234-4837 ደዊልኩም ኣዘራርቡ። ወይ ድማ ሊንዳ ስሌተር ንዝተባህለት ብቴሌፎን ቁጽሪ 206-252-0992 ደዊልኩም ኣዘራርቡ። ናትኩም ምስታፍ ኣዝዩ ይጠቕመና እዩ። ምሳና ብሓባር ከምትሰርሑ ተስፋ ንገብር።

ኣክባሪኹም

*ካሮሊን ሳዌ*